ብስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

መንፈሳዊ ሰሚናር

# ዶግማ- ትምህርቲ መሠረተ-እምነት

# ጸሎተ ኃይማኖት

# 1ይ ክፋል

## Church Doctrine Part I

## The Creed

ብቀሺ ዲበክሉ ላይነን
ዲ. ቴድሮስ ተስፋይን
ቅድስት ማርያም ኤርትራ ኦ.ተ.ቤ/ክ በይ ኤርያ ካሊፎርንያ

ነሓሰ 16/2008

# ትሕዝቶ ሰሚናር

1. መእተዊ
2. ዶግማ፡ ጸሎተ ሃይማኖት ታሪኻዊ ባይታኡን።
3. ክፍልታት ጸሎተ ሃይማኖት
   - 1 ሓድነት ኣምላኽ (ብሓቂ ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን)
   - 2. እምነት ሥላሴ
   - 3. ተሠጋውነት፡ ተበጃውነትን ድሕነትን
   - 4. ጥምቀትን ሕድገት ሓጢኣትን
   - 5. ትንሣኤ ምዉታትን ዘለኣለማዊ ህይወትን
   - 6. ካልኣይ ምጽኣት ክርስቶስን ፍርድን
   - 7. ሓንትን ቅድስትን ጉባኤ ኃዋርያት (ቤተክርስትያን)
4. ሰሚናር ንምድላው ዝተወከስናሎም መጻሕፍቲ

# መእተዊ

- ትምህርቲ ቤተክርስትያን (መጽሓፍ ቅዱስ)፡ ዶግማን ቀኖናን ይሓቁፍ።
- ዶግማ፡ እምነት ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን'ዩ ንዘልኣለም ዘይቕየርዩ፡ መሠረቱ መጽሓፍ ቅዱስ'ዩ። ምስ ድሕነት ወዲ ሰብ ዝተተሓሓዘ እዩ። ንኣብነት ጸሎተ ኃይማኖት።
- Dogmas represents our faith in God i.e. our communion with God the Father in Jesus Christ, the incarnate Word of God, by His Holy Spirit. E.g. the Creed.
- ቀኖና፡ ስርዓት ቤተክርስትያን'ዩ፡ ሃዋርያትን ተኸተልቶምን ዘቆምዎ እዩ። (ንኣብነት ናይ መጀመርያ ቀኖና ግብ. ሃዋ 15፡23-29) ኣብ ክልተ ከኣ ይኸፈል፡-
- Church Canon: Universal vs. National Canons

1. ዓለም ለኻዊ ቀኖና፡ ብቅ. ሲኖዶስ ናይ ኩለን ኦርየንታል ተዋሕዶ ቤተክርስትያናት ጥራሕ ኪቕየር ይከኣል። (ንኣብነት ፓትርያርክ ብህይወት ከሎ ኣብ ርእሴኡ ካልእ ኣይሽየምን። እምነት ሥላሴ ክሒዱ እንተተረኸበውን ንኣተኣላልያ እቲ ጉዳይ ዝምልከት ብ325 ዓ.ም. ዝቖመ ሕጊ ቤተክርስትያን ኣሎ። ካቶሊካውያንን ኦርቶዶክሳውያንን ቅድሚ ምፍልላዮም ዝቆመ ሕጊ እዩ።)
2. ሃገራዊ ቀኖና፡ በቲ ናይታ ሃገር ቅ. ሲኖዶስ ኪቕየር ይከኣል። (ንኣብነት ቤተክርስትያን እትጥቀመሉ ቋንቋ ግእዝ፡ ትግርኛ ...)

# ጸሎተ ሃይማኖት (The Creed)

- መሠረት ናይ ክርስትና እዩ። ኩለን ናይ ክርስትያን ማሕበራት ከኣ ይኣምናሉ። ንጸሎተ ሃይማኖት ዘይኣምኑ ክርስትያን ተብሂሎም ኣይጽውዑን። (ንኣብነት መሰኻኽር ጀሆቫ፡ ሰዓብቲ ኣድቨንቲስት)
- 1ይ ክፋላ ኣብ 325 ዓ.ም. ጉባኤ ንቅያ ተደርሰት። ኣምላኽነት ናይ ክርስቶስ ንዝኽሓደ "ካህን ኣርዮስ" ዝተዋህበ መልሲ (ተራ ፖፕ ኣሌክሳንድሮስን (መበል19 ፓትርያርክ) ዲያቆን ኣትናቴዎስን ዕዙዝ ኔሩ)።
- 2ይን መወዳእታን ክፋላ ከኣ ኣምላኽነት ናይ መንፈስ ቅዱስ ንዝኽሓደ "መቅደንዮስ" ምልሲ ንምሃብ ኣብ ኤፌሶን (381 ዓ.ም.) ኣብ ዝተገብረ ዓለም ለኻዊ ጉባኤ ተደርሰት።
- ኣብ ቤ/ክ መምዘኒ ናይ ንኡሰ ክርስትያን ኮይኑ የገልግል ኔሩ።
- ኣብ ዓለም ዘለዋ ኣብያተ ክርስትያናት ብዝተፈላለየ ስርዓት ኣምልኾ እኳ እንተተፈላለያ ኣብ ጸሎተ ሃይማኖት ሕቡራት እየን። (ንኣብነት ኣብ ውሽጢ ዓለም ለኻዊ (ወይ ሃገራዊ) ማሕበር መጽሓፍ ቅዱስ ዝተጠርነፋ ኣብያተ ክርስትያናት)
- ኣቦታት ቤተክርስትያን፡ ጸሎተ ሃይማኖት መግለጺ ኣምነትና ስለዝኾነ ኣብ መዓልታዊ ጸሎትና ኪንደግሞን፡ ኣካል ጸሎትናን ቅዳሴናን ገሮም ሰሪዮምልና።

# 1ይ. ብሓቂ ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን

- እምነት እንታይ እዩ? መልሲ ሓዋርያ ጳውሎስ...
- "እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዝግበሮ ነገር፡ ርግጽ ብምግባርን ናይቲ ዘይርአ ነገር ምርዳእን እያ።" እብ 11፡10
- ንኣብነት ኣብ ዓለም ብዙሓት ክንርድኦም ዘይንኽእል ግን ንኣምኖምን ንግልገለሎምን ነገራት ኣሎዉ። ኤየርፕሌን፡ ኮምፒተር፡ ኤለትሪክ ቴለፎን...ውሽጣዊ ኣካላትናን ኣሰራርሕኡን።
- ክርስትያን ከኣ ዋላ ብኣእምሮና ኣይንብጽሓዮ እግዚኣብሔር ዝብሃል ሓደ ኣምላኽ ከምዘሎን ብሓቂ (ብልቢ) እንተሲዕብናዮ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ከምእንረብሕ ንኣምን። (እብ 11፡6)። እምነት ምስ ኣእምሮ ኣይጋጭን እዩ፡ ግን ልዕሊ ኣእምሮ እዩ።
- እምነት ልባዊ ዕግበትን፡ ኣእምሮዊ (ቃላዊ ምስክርነት) ተቐባልነትን የድልዮ። "...ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን ይድሕን..." ሮሜ 10፡11
- ንኣብነት እንዳተጠራጠርካ ኣየርፕሌን ተሰቒልካ ኣብ ዝደለኻዮ ትበጽሕ። ንኣምላኽ እንዳተጠረጠርካዮ ግን ክርስትያን ኣይትኸውንን ኢኻ።
- እምነት ፈጣሪ ካብ ወለድና ስለዝወረስናዮ ጥራይ ሓቀኛ ኣመንቲ ኣይገብረናን እዩ። ብልቢ ክንዓግብ፡ ብኣእምሮና ክንቅበሎ ይግባእ። ብድሕሩኡ ኢና ክርስትያን ጌሮም ስለዘዕበዩና ንወለድና ነመስግኖምን ነኽብሮምን። ምስላ ኣቦታትና፡ "ኃይማኖት/እምነት ፈጣሪ፡ ዘይብሉ ሰብን ልጓም ዘይብሉ ፈረስን ሓደ እዮም"
- ኣብ ዓለም ብዙሕ ምህዞታትን ኣበርክቶን ዝገበሩ ክርስትያናት ብዙሓት እዮም።

# 1ይ. ብሓቂ ብሓደ ኣምላኽ ንኣምን

- ብኣብ ወልድን መንፈስ ቅዱስን፡ ብሓደ ኣምላኽ፡ ንኣምን።
- ቀዳማይ ትእዛዝ "ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ እየ…ካልኦት ኣማልኽቲ (ኣምላኻት) ኣብ ቅድመይ ኣይሃልዉኻ (ዘጽ 20፡2-3)
- "…ኣነ እየ እግዚኣሔር፡ ብጀካይ ካልእ መድሓኒ የልቦን።" ኢሳ 43፡10-11
- "እቶም ኣብ ሰማይ ዝምስክሩ፡ ሠለስተ እዮም። ኣቦ፡ ቃል፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ሠለስቲኦም ከኣ ሓደ እዮም።" 1ዮሃ 5፡7።
- ኣጋንንቲ ብሓደ ኣምላኽ ይኣምኑ (ያዕ 2፡19)።
- ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ "ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምሃሩን ኣጥምቑን" በለ እምበር "ብኣስማት" ኣይበለን። ማቴ 28፡19-20።
- እምብኣር ክርስትያን ብሓደ ኣምላኽ እምበር፡ ብቡዙሓት ኣማልኽቲ ኣይንኣምንን ኢና።
- "ኣነ ኣብ ኣቦይ ከምዘሎኹ፡ ኣቦውን ኣባይ…" ዮሃ 14፡10… "ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና" ዮሃ 10፡30
- ኣቦታት ቤ/ክ ንሠለስትነትን ሓድነትን ከስተምህሩ እዘን ዝስዕባ ምሳሌታት ሂቦምና ኣለዉ። ጸሓይ፡ ካብኣ ዝምንጩ ሙቐትን ብርሃንን፡ ሰለስተ ጸሓያት ኣየብለንን።
- ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰብ፡ ልቢ፡ ቃልን እስትንፋስን ኣሎ፤ እዚ ሰለስተ ሰባት ኣየብልን።

# ንኹሉ ፍጥረት ዝመልኽ ኣምላኽ ኢና ንኣምን

- ህይወት ዘሎዎን ዘይብሉን ኩሉ ኣብ ትሕቲ ምልኪ ኣምላኽ እዩ።
- ንደቂ ሰብ ግን ካብ ፍጥረት ኣዳም ጀሚሩ ነጻ ፍቓድ ሂቡ እዩ። ስለዚ ደቂ ሰባት ነጻ ፍቓድና ብኸመይ ከምዝተጠቐምናሉ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸብጻብ እንህበሉ ናይ ፍርዲ እዋን ይጽበየና።
- ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሥልጣን እንተልይዎ "ሰይጣንን ክፉኣት ሰባት ዝገብርዎ ድኣ ብኸመይ ኪግለጽ እዩ?" ሰይጣን ፍጡርን ኣብ ትሕቲ ምልኪ ኣምላኽ ዝነብር እዩ። ሰይጣን ኣብ ደቂ ኣምላኽ ስልጣኑ ድሩት ምዃኑ ካብቲ ኣምላኽ ዝፈቐዶ ወጻኢ ክንቀሳቀስ ከምዘይክእልን ኣብ ልዕሊ ኣቦና ኢዮብ ዝተፈጸመ ነገራት መሃሪ እዩ (ኢዮብ 1)።
- ኣብ ሓሰማታት ኪሰፍሩ ፍቓድ ካብ ክርስቶስ ዝለመኑ "ሌጌዎን" ኣጋንንቲ ነንብብ (ማቴ 5፡12-13)
- ንሓዋርያት ክርስቶስ ብዝሃቦም ስልጣን ኣጋንንቲ ይእዘዝዎም ኔሮም፡ ሃዋርያት ከኣ ስለዚ ፍሉይ ስልጣን ሓጎስ ተሰመየም። (ሉቃ 1017)
- ስለዚ ክርስትያን ንሰይጣንን ኩሉ ክፍኣቱን ኣይፈርህዎን እዮም። (ንኣብነት ጠንቐልቲ ብኸመይ እምነት ፈጣሪ ንዘጉደለ ሰብ ከም ዘታልልዎ ንዘክር...። ሓቀኛ ክርስትያን ብተንኮል ጠንቐልቲ ኣይታለልን። ግብ 16፡16-18)
- ሓይሊ ክፉኣት ሰባትውን ድሩት እዩ። ሓደ ሓደ እዋን ከምቲ ጊደዎን ዝበሎ "ኣምላኽ ምሳና እንተዝህሉ ደኣ ስለምንታይ እዚ ኹሉ ሕማቕ የጋጥመና?" ኢልና ንማረረሉ እዋን ኣሎ። (መሳፍንቲ 6፡13)

# ንኹሉ ፍጥረት ዝመልኽ ኣምላኽ ኢና ንኣምን

- እቲ መልሲ ኣምላኽ እምነትና ንኽዐቢ ዝገብሮ ነገራት እዩ። ስለዚ ድልየት ኣምላኽ ኣብ ልዕሌና ኩሉ ግዜ ሰናይ እዩ። እቲ ኩሉ ሰናይ ብሰንክና ንኽይቦኩር ግን ብዝተፈላለየ ነገር ክንሓልፍ ኣምላኽ ይፈቕድ።
- ከም ክርስትያን ዋላ ብኣእምሮና ኣይንብጽሓዮ፡ ኣምላኽ ዘይቖጻጸሮ ነገር ኣይጋጥመናን እዩ። ኣምላኽ ይኣክል ምስዝብል ዕዮ እኩያት ሰባት የብቕዕ።
- እቶም እኩያት ሰባት ነቲ ዝተዋህቦም ነጻ ፍቓድ (መድረኽ፡ ስልጣን ኪኽውን ይኽእል) ብኽመይ ከምዝተጠቕምሉ ኣምላኽ ኪጻባጸቦም እዩ።
- ኣብ ከምዚ እዋን ክርስትያን ከምቲ ንጉስ ዳዊት ዝጸለዮ ብልቢ ክንደግም ይግባእ "ኦ እግዚኣሔር ንምኽሪ ኣሒቶፌል ናብ ዕሽነት ክትልውጦ እልምነካ ኣሎኹ...ኣምላኽ ከኣ ንምኽሪ ኣሒቶፌል ከንቱ ገበሮ።" 2 ሳሙ 15፥31
- ብድሕሬኡ እዩ ቅ. ዳዊት "ኣምላኽ ምሳና እንተዘይነብር ...ሰባት ብሓርቖቶም መጥፍኡና ፡ ብህይወትና ከሎና ምውሓጡና..." እናበለ ዝዘመረ። መዝ 124፥2-8
- ንማርዶካይውን ካብቲ ናይ ሓማ ምስጢራዊ ውዲት ኣድሓኖ (ኣስ 7፥9-10)
- ታሪኽ ቤተክርስትያን ከምዝምህረና፡ ንዘመነ ሰማዕታት ይኣክል ኢሉ ንቤተክርስትያን ካብቲ ኩሉ ግፍዒ ናይ ንጉስ ኔሮ (ሮም) ብምምጻእ ንጉስ ቆስጠንጢኖስ ኣዕረፋ (ንኣብነት፡ ኣብ 10ይ ዓመት ንግስነት ኔሮ ጳውሎስን ጴጥሮስን ሰማእትነት ብ61 ዓ.ም ተቐበሉ)

# ንኹሉ ፍጥረት ዝመልኽ ኣምላኽ ኢና ንኣምን

- ስለዚ ዋላ እኳ እግዚኣብሔር ንገፋዒ ከጋፍዕ እንተፈቐደሉ፡ ዝኾነ ገፋዒ ግን ካብ ኢድ ኣምላኽ ኣየምልጥን እዩ። (ንኣብነት፡ ሳኦል ንቅ. ዳዊት ገፍዖ፡ ዳዊት ብሰንኪዚ ብዙሕ ከርተት በለ። ሳኦል ግን ካብ መቕጻዕቲ ኣይምለጠን 1ሳሙ 31፡ 1-8። ኣቤሰሎም ንኣብኡ ዳዊት ብዙሕ ገፍዖ ኣብ መጨረሻ ግን ብኣሰቓቒ ሞት ሞተ። ቃየል ንኣቤል ክቐትሎ ስቕ ኢሉ ርኣዮ ካብ መቕጻዕቲ ግን ኣይምለጠን፡ ቀባሕባሕ እንዳበለን እንዳኾብለለን ዘመኑ ብራድን ፍርሀን ኣሕለፈ ዘፍ 4፡8-14)።
- እምበኣር ኣምላኽ መላኺ ኩሉ እዩ። ዝፍጸሙ ዘበሉ ነገራት ከኣ ካብ ቑጽጽሩ ወጻኢቲ ኣይኮኑን።
- እግዚኣብሔር ጥራይ ዝፈልጦ ንሕና በዚ ውሱን ኣእምሮና ክንበጽሖ ካብ ዘይንኽእል ሓደጋታት ከምዝሕልወና ከነስተውዕል ይግባእ።
- ከምኡውን ምልስ ኢልና ንነብስና ክንርእያ ይግብኣና። ኣምላኽ መላኺ ኩሉ እዩ። ናትና መላኺን ገዛእን ኣምላኽ እዩ።
- ከም ክርስትያን ብኣምላኽ ዘይምለኽ (ካብ ኣምላኽ እንሓብኦ) ነገር ኪህልወና የብሉን። እንተዘይኮይኑ ኣብ ኣተኣማምናና ጉድለት ኣሎ።
- ጸሎት ናይ ቤተክርስትያን ንዘክር። (ንኣኩተከ እግዚኦ ወንሴብሃከ፡ ንባርከከ ወንትኣምነከ....)

# በቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣምላኽ ንኣምን

❖ ሳይንትስት ሕቡእ ዝነበረ ብመጽናዕቲ ይረኽቡ። ዘይነበረ ነገር ግን ኣይፈጥሩን እዮም። (ንኣብነት እቲ ዝደቐቐ ንጥረ ነገር ኣተም ካብ ፍጥረት ኣምላኽ ኣትሒዙ ዝነበረ እዩ ብሰባት ዝተፈልጠ ግን ድሒሩ እዩ)

❖ ፈጣሪ ዝብል ስም ንኣምላኽ ጥራይ እዩ ዝውሃብ። ሰብ በቲ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ኣእምሮ ጌሩ ይሰርሕ እምበር ኣይፈጥርን እዩ።

❖“ኩሉ ብእኡ (ብክርስቶስ) ተፈጢሩ ኣሎ እሞ ኩሉ ብእኡን ንዕኡን እዩ ዝተፈጥረ”ቆሌ 1፥16

❖ኣምላኽ ብመጀመርያ ምድርን ሰማያትን ፈጠረ (ዘፍ 1፥1)። ኣብ ሰማያት ትነብር ኣቦና… (ማቴ 6፥9)።

❖ሓዋርያ ጳውሎስ ናብ ሣልሳይ ሰማይ ተመጥቀ (2 ቆረ 12፥2)።

❖ሰማያት ብዙሓት ምኻኖምን ንዕኣቶም ዝፈጠረ ከኣ እዚ ንኣምኖ ኣምላኽ ምኻኑ ምርዳእ። ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዝነብሩ ኩላቶም መላእኽትን ሰብን እንስሳንውን ብኣምላኽ ተፈጥሩ።

❖ዝርኣን ዘይርኣን ዝፈጠረ። ካብቶም ዘይርኣዩ “መንፈስ” ረቐቕቲ መላእክቲ ይርከብዎም። ኣብዚ ቅዱስ ቤት ብዙሓት ንዓና ዝሕልዉ መላእኽቲ ኣለዉ።

❖ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ናብ ኣምላኽ ከይንቐርብ (ከይንጽሊ፡ ከይንጸውም ቃል ክርስቶስ ከይነንብብ) ዝቓለሱና ረቐቕቱ ርኹሳት መናፍስትውን ካብቶም ዘይርኣዩ እዮም።

"ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ ጌርና ክንነብር ከም ዝግብኣና ክትፈልጥ ጽሒፈልካ ኣሎኹ።" 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ብመንፈስ ወዱ ዝኾነ ጢሞቴዎስ 3:15።

ንብፁእ ውቅዱስ ሢልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና!
ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።

- ክፉት መድረኽ ንሕቶን ርእይቶን

# ሰሚናር ንምድላው ዝተወከስናሎም መጻሕፍቲ

- 1. ንተመሃሮ ሰነ-መለኮት ቅ. ኣትናቴዎስ ዝተዳለወ መጽሓፍቲ
- 2. መግለጺ ጸሎተ ኃይማኖት ብፖፕ ሽኖዳ ተጻሒፉ፡ ብኣባ ፒጆሚ ናብ ትግርኛ ዝተቶርጎመ።
- 3. መርበብ ሓበሬታ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኤርትራ፡ ንኡስ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ (www.tewahdo.org)
- 5. መርበብ ሓበሬታ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ግብጺ፡ ሃገረ ስብከት ደቡባዊ ሰሜን ኣመሪካ (www.suscopts.org)

# ብሓደ ጎይታ ብኢየሱስ ክርስቶስ ንኣምን
# (ይቕጽል)